## ሓደ ኮለኔል ዝርከቦም 250 መንእሰያት ኣብ ሓደ ሰሙን ኣብ ሱዳን ኣትዮም

## ካብ መርበብ ኢንተርነት ኣዱሊስ ዶት ኮም
13.09.2006



መስርሕ ምጽንቃቕ ናይ ኤርትራ ካብ’ቶም ብሉጻት ዓቕምታታ ዝኾኑ መንእሰያት ይቕጽል ኣሎ። ካብ ዕለት 1-7 መስከረም 2006 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ሓደ ኮለኔል ዝርከቦም 250 መንእሰያት ካብ ሰራዊት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣምሊጦም ናብ ሱዳን ምእታዎም ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ መንጎ’ዞም ናብ ሱዳን ዝኣተዉ፡ መብዛሕትኦም ካብ መበል 19ን 20ን ዙር ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝኾኑ መንእሰያት 17 ደቂ ኣንስትዮ ይርከብኦም።

ምስ’ዞም መንእሰያት እዚኣቶም ኣብ ዝተገብረ ዝርርብ፡ ናብ ሱዳን ምብጻሖም ሕጉሳት ምኻኖም ድሕሪ ምግላጽ፤ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግዲፍ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ብፍላይ ከኣ፡ ምጣኑ-ሃብታዊ መዳይ እናኸፍአ ይኸይድ ምህላዉ ኣረጋጊጾም። ሓደ ካብ’ቶም መንእሰያት ከኣ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንኵሎም መንእሰያት ካብ ትምህርትን ካልእ ህያው ዝኾነ ንጥፈታትን ኣጕናዲቡ፡ ኣብ ሰራዊት ምጽንባሩ ጥዕና ዘለዎ ስራሕ ኣይኮነን ዝገብር ዘሎ ኢሉ። ቀጺሉ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ካብ’ዚ ስርዓት’ዚ ክናገፍ ከምዝደሊ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንኹሎም ኤርትራውያን ብሓፈሻ፥ ንሰዓብቲ ክርስትና ድማ ብፍላይ፡ እንቋዕ ናብ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ኣብጽሓኩም፤ እዚ ዓመት’ዚ ከኣ፡ ካብ’ዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት’ዚ እንገላገለሉ ዓመት ይግበረልና ብምባል ናይ ዮሃና መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ክሃድም ዝፈተነ ይኹን ኣብ ህድማ ዝተሓባበረ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክቕተል ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ከምዘመሓላለፈ ዝዝከር’ዩ። እዚ ትእዛዝ’ዚ ግን፡ ንህድማ ናይ መንእሰያት ክሳዕ ሕጂ ደው ከብሎ ኣይከኣለን።